# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እታ መክዕኛ ንግስቲ ኣስቴር

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Janie Forest, Alastair Paterson


ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org


©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ሓደ እዋን ኣስቴር እትበሃል መልክዕኛ ጓል ነበረት፡
ኣቦኣን ኣዲኣን ምስ ሞቱ፡ ማርዶካይ ወዲ ሓው ኣብኣ
ኣዕበያ፡ ኣስቴር ንሓው ኣብኣ ከም ሕያዋይ ጓል
ብምእዛዝ ኣኽቢራቶ እያ።





ኣስቴር ኣብ ፋርስ ትነብር ነበረት፡ ግን፡ ፋርሳዊት ኣይነበረትን፡ ንሳ ኣይሁዳዊት እያ ነይራ፡ ወለዳ ምሩኻት ውግእ ኮይኖም ኢዮም ናብ ፋርስ ዝመጹ፡ ብግዜ ኣስቴር ብዙሓት ኣይሁድ ኣብ ፋርስ ይነብሩ ነበሩ።



ንጉስ ፋርስ ካብ
መላእ ዓለም ንዝመጹ
መሳፍንቲ ዓቢ ድግስ
ኣዳለወ፡ እቶም ሰብኡት
ካብተን ምስ ንግስቲ
ዋሽቲ ዝነበራ ኣንስቲ
ተፈልዮም ይበልዑ ነበሩ፡
እቲ ንጉስ ድማ ሰክሩ
ነበረ እሞ ንንግስቲ ዋሽቲ
ኣኽሊል ኽዳን ንግስቲ
ተኸዲና ጽባቐኣ ኸተርኢ
ነገራ፡ ንግስቲ ዋሽቲ ግን
ኣበየት።

ኣንስቲ ንሰብኡተን ከኽብራ ከም ዘለወን ንምግላጽ፡ ንጉስ ሕጊ ኣጽደቐ እዚ ድማ ካብ ዋሽቲ ዘውዲ ዝወሰደ ነይሩ፡ ድሕሪ ደጊም ዋሽቲ ንግስቲ ኣይኮነትን።



ሓዳስ ንግስቲ ንምርካብ
ድማ ካብ ኵለን እተን ኣብታ
መንግስቲ ዝነበራ ጽቡቓት
ኣዋልድ ተደልያ፡ እቲ ንጉስ ድማ
ንኣስቴር ሰበይቱ ክትኾኖ መረጸ፡
ነቲ ንጉሳዊ ኣኽሊል ከኣ ኣብ
ርእሳ ኣንበረላ፡ ኣስቴር ነቲ ንጉስ
ኣይሁዳዊት ምኳና ዘይነገረቶ
ወዲ ሓው ኣብኣ ኣይሁዳዊት
ምኳና ከትነግር
ስለ ዝኣዘዛ ኢዩ።






እቲ ሓው ኣቡኣ መርዶካይ ዜና ኣስቴር ንምስማዕ ኣብ መእተዊ እቲ ቤተ መንግስቲ ይርከብ ነይሩ፡ ሓደ መዓልቲ ክልተ ኣገልገልቲ ቤተ መንግስቲ ነቲ ንጉስ ንምቅታል ክማኸሩ ሰምዐ፡ መርዶካይ ናብቲ ንጉስ መጠንቀቕታ ለኣኸሉ፡ ነቲ ንጉስ ድማ ኣድሓኖ፡ እቶም እዚ ዝመኸሩ ኣገልገልቲ ድማ ተሰቒሎም፡ ስም መርዶካይ ድማ ኣብ መዝገብ ንጉስ ተጻሕፈ።

ኣብ ትሕቲ ንጉስ እቲ ካልኣይ ጀረጃ ስልጣን ዝነበሮ ሃማን ዝበሃል ሃብታም ሰብኣይ ድማ ነበረ፡ ሃማን ብመገዲ ክሓልፍ ከሎ ኩሉ ሰብ ይሰግደሉ ነበረ ብዘይካ ሓደ ሰብኣይ መርዶካይ፡ መርደካይ ኣይሁዳዊ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ህያው ኣምላኽ ጥራይ እዩ ዘምልኽ ነይሩ።




ሃማን ንመርዶካይ ኣዝዩ ስለ ዝጸልኦ ንዕኡን
ንኹሎም ኣብ ፋርስ ዝነበሩ ኣይሁድን ክቕተሉ
ወሰነ፡ ዘስካሕክሕ ነገር ኢዩ! እቲ እኩይ ሃማን ነቲ
ንጉስ፡ ኣብታ መንግስቲ ዝነበር ኹሉ ኣይሁዳዊ ኣብ
ሓደ ግዜ ክቕተሉ ዚገልጽ
ኣዋጅ ማሕተም ንክገብር ኣታለሎ።






ዘስካሕክሕ ኣዋጅ ስለ ዝነበረ ድማ ኩሎም ኣይሁድን ፋርሳውያንን ሓዘኑ፡ ግን ኣምላኽ ኣይሁዳዊት ኣስቴር ንግስቲ ገይርዋ ኣሎ፡ እዚ ምዝካር የድሊ፡ ንሳ ነቲ ምስጢራ ካብ ንጉስ ትሓብኦ’ዶ ትኸውን ወይስ ህዝባ ንምድሓን ህይወታ ኣብ ሓደጋ ተእትዋ ትኸውን’’

ኣምላኽ ንኣስቴር ጥበብ ሃባ እሞ ን ንጉስን ሃማንን ዝኸውን ድግስ ኣዳለወት፡ ኣብኡ ድማ እቲ ንጉስ ዝኾነ ዝሓተተቶ ነገር ኩሉ ክገብረላ ቃል ኣተው፡ ኣስቴር ድማ፡ "ንጉስን ሃማንን ጽባሕ ናብቲ ድግስ ምስ መጹ እቲ ዝደለየቶ እንታይ ምኳኑ ክትነገሮ ምኳና መለሰት።



እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሃማን ንመርዶካይ
መሕነቂ ዝኸውን ገዚፍ ዕንጨይቲ ኣዳለወ።



ሽዑ ምሸት እቲ ንጉስ ድቃስ ኣይደቀስ ነበረ እሞ መዛግብቲ ቤት ፍርዲ ምስ ኣንበበ መርዶካይ ህይወት ንጉስ ብምድሓኑ ዓስቢ ረኺቡ ከም ዘይፈልጥ ረኣየ፡ ንጽባሒቱ ንግሆ እቲ ንጉስ ንሃማን፡ "ነቲ ንጉስ ኬኽብሮ ዚፈተው ሰብኣይ እንታይ ኪግበረሉ ኣለዎ ኢሉ ሓተተ፧" ሃማን ድማ ብዛዕባ ርእሱ መሲልዎ ኣዝዩ ተሓጎሰ።



ሃማን ድማ መርዶካይ ኽስቀል ፍቓድ ንጉስ ክሓትት መጺ፡ ኩሉ እቲ ንመሕነቂ ዝኸውን ተዳልዩ ስለ ዝነበረ፡ ሃማን ብታሕጓስ ተመሲጡ እንዳተጸበየ፡ እዚ ዝስዕብ ሓሳባት ኣቕረበ፡ "ነቲ ሰብኣይ ልብሲ ንጉስን ኣኽሊልን ይልበስ’’ ኢሉ መለሰ።






"ኣብ ፈረስ ንጉስ ድማ ኮፍ ይበል፡ ኩሉ ህዝቢ ምእንቲ ክርእዎ ድማ ሓደ ንጉሳዊ መስፍን ነቲ ሰብኣይ ብኸተማ መሪሑ ይውሰዶ ኢሉ፡ ደጊሙ ተዛረበ፡ እቲ ንጉስ ድማ ንሃማን፡ "ቀልጢፍካ ንመርዶካይ ኣይሁዳዊ ከምኡ ግበረሉ" ኢሉ ኣዘዘ።


ሃማን ንመርዶካይ ብኽብሪ ኣብታ ኸተማ ክመርሖ ከሎ
እንታይ ተሰሚዕዎ ይመስለካ፡ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ
ጽልኢ ንሳዕሲ ኣዝዩ ጸልኡ። "ተጸበዩ ጥራይ" "ኣብ ቀረባ
እዋን ምስ ኩሎም ካልኦት ኣይሁድ ክትመውት ኢኻ
ዝብል ሓሳብ ነይርዎ ክኸውን ይክእል ኢዩ።



ጸኒሖም ኣብ ኣቲ መዓልቲ እቲኣ፡ ሃማንን እቲ ንጉስን ኣብ ድግስ ንግስቲ ኣስቴር ተረኽቡ፡ "እንታይ እዩ ጥርዓንካ" እቲ ንጉስ ሓተተ፡ መብጽዓኡ ኣይረሰዖን ነይሩ፡ ንግስቲ ኣስቴር ናብ ሃማን እናኣመልከተት ነቲ ንጉስ ኵሉ ብዛዕባ እቲ ሃማን ዝገበሮ እኩይ ውዲት ነገረቶ፡ ንጉስ ድማ "ሰቐልዎ!" በለ።



ድሕሪኡ እቲ ንጉስ ኣይሁድ ንርእሶም ክከላኸሉ ዝፈቕድ ካልእ ሕጊ ኣውጽአ፡ እቶም ኣይሁድ ድማ በዚ ነገር ምድሓን ረኸቡ፡ መርዶካይ ድማ ካብ ንጉስ ብስልጣኑ ኣብ ካልኣይ ጀረጃ ኮነ፡ ኵሎም ኣይሁድ ድማ በዚ ተሓጒሶ ንሓድሕዶም ህያብ ተቀባበሉ፡ ሎሚ እውን እንተ ኾነ ኣይሁዳውያን ኣምላኽ በዚ መልክዕኛ ንግስቲ ኣስቴር ኣቢሉ ብኸመይ ከም ዘድሓኖም መዘከርታ ይገብሩ ኢዮም።



እታ መክዕኛ ንግስቲ ኣስቴር

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ኣስቴር

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16